ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ እገላ ኣብ በጀት 2017 ዓም ቀዳማይ መንፈቅ ዓመት ዝተፈላለየ ኣቅሑት መሳርሒ ፅሕፈትን ፡መሳርሒ ፅሬትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩበ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 26, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 16, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:መሳርሒ ፅሕፈትን 5000 ቅርሺ ፡መሳርሒ ፅሬትን 3000 ቅርሺ
- ቦታ:ወረዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 16, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘፈር ናይ ዘመኑ ናይ 2017 ዓም ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዝሐደስኩም

2 ካብ ልምዓት አቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ዝተሐደሰ ናይ 2017 ዓም ናይ ምቅረባይነት ምስክር ወረቀት ዘለኩም

3 ተመዝገብቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ናይ 2017 ዓም ፀብፃብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዲክለሪሽን ክተቅርቡ እትክእሉ

4 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለኩም

5 ተጫረቲ ንሰነድ ጨረታ ንነብስወከፍ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ እገላ ቢሮ ቁፅሪ 3 ምዉሳድ ይከኣል

6 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ዉሕስና ጨረታ ቢድቦንድ መሳርሒ ፅሕፈትን 5000 ቅርሺ ፡መሳርሒ ፅሬትን 3000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ከትሕዝ ዝክእል

7 ሰዓራይ ጨረታ ምስተፈለጠኣብ ዉሽጢ ዝተዉሃቦ ዉዕሊ ኣሲሩ ኦርጅናል ንብረት ከቅርብ ዝክእል

8 ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቃለሐሉ 26/2/2017 ዓም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ካብ ወረዳ እገላ ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ቁፅሪ 3 ምዉሳድ ይከኣል

9 እዚ ምልክታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ 26/2/2017 ዓም ክሳብ 16/3/2017 ልክዕ ሰዓት 8፡00 ድሕሪ ቀትሪ ይከዉን

10 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታኩም ብዝተዓሸገ ፖስታ ነዚ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክተእትዉ ትክእሉ

11 ሰነድ ጨረታ ክተእትዉ እንተለኩም ብክልተ ነናባዕሉ ፖስታ ብምዕሻግ ዋናን ቅዳሕን ክተእትዉ አለኩም

12 እቲ ጨረታ 16/3/2017 ዓም ልክዕ ሰዓት 8፡00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 8፡30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ወይድማ ይከፈተልይ ዝብል ማመልከቻ ኣብ ዝተረከብሉ ወይድማ ብመምርሒ መሰረት ይክፈት

13 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ 40 መዓልቲ ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ኣብቶ ዝወፁ ንፐስፊኬሽን ምንካእ ወይ ምቅያር ኣይፍቀድን

15 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ በቁፅሪ ስልኪ 0921583436 / 0985486722

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle